# ናይ ቤተሰብ ትምህርታዊ መሰልን ምስጥራዊነትን ሕጊ(FERPA) ናይ መሰላትን ናይ ማህደር ሓበሬታ ንኽይውሃብ መሕተቲ ቅጥዒ ዓመታዊ ምልክታ( OPT-OUT FORM)

2023-2024 ትግርኛ፣ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ

**ናይ ቤተሰብ ትምህርታዊ መሰልን ምስጥራዊነትን ሕጊ(FERPA)** (20 U.S.C. § 1232g; 34 CFR Part 99) ምስጥራዊነት መዛግብቲ ትምህርቲ ተማሃሮ ዝሕሉ ፌደራላዊ ሕጊ እዩ።

ንሕቶታትን ተወሳኺ ሓበሬታን ብዛዕባ እዚ ሰነድ እዚ፣በጃኹም ነዞም ዝስዕቡ ተወከሱ:
https://www.seattleschools.org/ferpa-questions/

ብዛዕባ FERPA ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፣በጃኹም
https://studentprivacy.ed.gov/audience/parents-and-students ተወከሱ

**ሲያትል ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ (SPS) – ብመሰረት ናይ ቤተሰብ ትምህርታዊ መሰልን ምስጥራዊነትን ሕጊ መሰላት ምፍላጥ(FERPA)**

**ብመሰረት FERPA፣ወለዲ/ ኣለይቲ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ተማሃሮ ከምኡ'ውን ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ተማሃሮ ("ብቑዓት ተማሃሮ") ምስ መዛግብቲ ትምህርቲ ናይቲ ተማሃራይ ኣመልኪቶም ዝተወሰኑ መሰላት ኣለዎም።እቲ ተማሃራይ ወዲ 18 ዓመት እንተኾይኑ፣ዋላ ምስ ወለዲ/ኣላዪ ይነብር እንተኾነ፣እቲ ተማሃራይ ብመሰረት እዚ ሕጊ ኩሉ መሰላት ኣለዎ።እዞም መሰላት እዚኦም:**

1. ሲያትል ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ብፅሑፍ ሕቶ ካብ ካብዝቐረበሉ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 45 መዓልቲታት መዛግብቲ ትምህርቶም ናይ ምፍታሽን ምግምጋምን መሰል ኣለዎም።

   ናይ ውላዶም ወይ ናይ ባዕሎም ናይ ትምህርቲ መዛግብቲ ክምርምሩ ዝደልዩ ወለዲ ወይ ብቑዓት ተማሃሮ፣ክምርምርዎም ዝደልይዎም መዛግብቲ ዘነጽር ናይ ጽሑፍ ሕቶ ናብ ርእሰ መምህር ቤት ትምህርቲ ከቕርቡ ይግባእ።እቲ በዓል ስልጣን ቤት ትምህርቲ እቶም መዛግብቲ ድልዋት ንኽኾኑ ይገብርን ነቲ ወላዲ ወይ ብቑዕ ተማሃራይ ብዛዕባ እቶም መዛግብቲ ክምርመሩሉ ዝኽእሉ ግዜን ቦታን የመቻቑን።

2. ወላዲ ወይ ብቑዕ ተማሃራይ ቅኑዕ ዘይኮነ፣ዘደናግር፣ወይ ብኻልእ መንገዲ ብመሰረት FERPA ናይ ተማሃራይ መሰል ምስጥራዊነት ዝጥሕስ እዩ ኢሉ ዝኣምነሉ መዛግብቲ ትምህርቲ ናይቲ ተማሃራይ ክመሓየሽ ናይ ምሕታት መሰል።ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ሲያትል ነቲ መዝገብ ከየመሓይሽዎ እንተ ወሲኖም፣ ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ሲያትል ነቲ ወላዲ/ኣላዪ ወይ ብቑዕ ተማሃራይ ብዛዕባ እቲ ውሳነ የፍልጡን ነቲ ናይ ምምሕያሽ ሕቶ ብዝምልከት ይግባይ ናይ ምባል መሰል ከምዘለዎም ይምዕዱን።ንኣገባባት መስርሕ ይግባይ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንወላዲ/ኣላዪ መሰል መስርሕ ይግባይ ምስ ዝሕበር ይወሃብ።

3. ብጀካ FERPA ብዘይ ስምምዕ ግልፂ ኽኾኑ ዝፈቕዶም፣ ቤት ትምህርቲ ኣብ መዛግብቲ ትምህርቲ ሓደ ተማሃራይ ዝርከብ ውልቃዊ መለለዪ ሓበሬታ ቅድሚ ምግላጹ ብጽሑፍ ፍቓድ ናይ ምሃብ መሰል።እቲ ሓደ ፈቓድ ዘየድልዮ ጉዳይ ድማ ናይ ቤት ትምህርቲ ብዓል ስልጣናት ሕጋዊ ዝኾነ ናይ ትምህርታዊ ጉዳያት ንምርኣይ ኪኽእሉ ዝገብሮም ጥራይ እዩ።

   በዓል ስልጣን ቤት ትምህርቲ ማለት ብህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ሲያትል ዝተቖፀረ ከም ኣመሓዳሪ፣ተቖፃፃሪ፣መምህር፣ወይ ኣባል ደገፍ ሰራሕተኛ (ሰራሕተኛታት ጥዕና ወይ ሕክምናን ሰራሕተኛታት ኣሃዱ ኣኽበርቲ ሕግን ሓዊሱ) ዝበለ ሰብ፤ሕፁይ መምህር፤ኣብቦርድ ቤት ትምህርቲ ዘገልግል ሰብ፤ኮንትራክተራት (ኣብ ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ሲያትል ፍሉይ ዕማም ንምፍጻም ውዕል ዝገበረሉ ሰብ ወይ ኩባንያ፣ከም ጠበቓ፣ኦዲተር፣ኣማኻሪ ሕክምና፣ወይ ቴራፒስት)፤ኣማኸርቲ፤ወለንተኛታት፤ወይ ኣብ ወግዓዊ ኮሚተ ዘገልግል ወይ ንኻልእ በዓል ስልጣን ቤት ትምህርቲ ስርሑ ኣብ ምፍጻም ዝሕግዝ ወላዲ ወይ ተማሃራይ ማለት እዩ።

   ሓደ በዓል ስልጣን ቤት ትምህርቲ ሞያዊ ሓላፍነቱ ንምፍፃም መዝገብ ትምህርቲ ምግምጋም ዘድልዮ እንተኾይኑ፣እቲ በዓል ስልጣን ሕጋዊ ትምህርታዊ ረብሓ(መሰል) ኣለዎ።

   ሓደ ተምሃራይ ክምዝገበሉ ናይ ዝሓሰቦ ወይ ዝተመዝገበሉ ካብ ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ሲያትል ወፃኢ ዝኾነ ቤት ትምህርቲ፣ናይቲ ተምሃራይ ሓበሬታ ንህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ሲያትል እንተሓቲቶም ብዘይ ፍቓድ ክህብ ይኽእል እዩ።

4. ሲያትል ናይ ህዝቢ ኣብያተ ትምህርቲ ንጠለባት FERPA ዘይምኽባር ዝምልከት ናብ ክፍሊ ትምህርቲ ኣሜሪካ ጥርዓን ናይ ምቕራብ መሰል።ብጽሑፍ ዝቐርብ ጥርዓን ብቐጥታ ናብ Family Policy Compliance Office, U.S. Department of Education, 400 Maryland Avenue S.W.; Washington, DC 20202 ክለኣኽ ኣለዎ።

______________________________________________

## ሲያትል ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ (SPS) - ናይ ማህደር ሓበሬታት

ብናይ ስድራ ቤት ትምህርታዊን ሚስጢራውን መሰላት ሕጊን ስርዓትን መሰረት( FERPA)፣ሲያትል ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ እቲ ኣብ “ማህደር ” ዝርከብ ሓበሬታ፣እቲ ሓበሬታ ብመሰረት ኣብዚ ቅጥዒ ዝተዘርዘረ ኣገባባት ክዝርጋሕ ከምዘይትደልዮ ብጽሑፍ ንሲያትል ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ እንተዘይሓቢርኩም፣ብዘይ ኣቐዲሙ ዝተዋህበ ናይ ጽሑፍ ፍቓድ ንዝኾነ ሰብ እንኮላይ ንናይ ወለዲ መማህራን ማሕበራት፣ናይ ዜና ማዕከን፣ኮሌጃትን ዩኒቨርሲታትን፣ ክፍሊ ውትድርና፣ናይ መንእሰያት ጉጅለታትን ናይ ስኮላርሺፕ ዝህቡ ድርጅታት ክህብ ይኽእል እዩ።

### እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ከም ናይ ማህደር ሓበሬታ ይቑጸር :

ስም ወላዲ/ኣላዪን ተማሃራይን፣ኣድራሻ ገዛ፣ቁጽሪ ተሌፎን ገዛ፣ኣድራሻ ኢመይል ገዛ፣ስእሊ ወይ ቪድዮ ተማሃራይ ፣ዕለት ልደት ተማሃራይ፣ዕለታት ምዝገባ፣ደረጃ ክፍሊ፣ኩነታት ምዝገባ፣ዝረኸበ ዲግሪ ወይ ሽልማት፣ዓቢ ዓውዲ ትምህርቲ፣ተሳትፎ ኣብ ብወግዒ ኣፍልጦ ዝተዋህቦም ንጥፈታትን ጋንታታት ስፖርትን፣ቁመትን ክብደትን ስፖርተኛታት ፣ ናይ ቀረባ እዋን ቤት ትምህርቲ ወይ መደብ፣ከምኡ’ውን ካልእ ብሓፈሻ እንተተገሊፁ ንምስጥራዊነት ከም ጎዳኢ ዘይሕሰብ ሓበሬታ።

### ካብ ታሽዓይ ስጋብ ዓሰርተክልተ ክፍሊ ዘለው ተመሃሮ ናይ ማህደር ሓበሬታ ንምሃብ ፈቓድ ምሃብ(9-12)

ከም ወላዲ/ኣላዪ ናይ ሓደ ካልኣይ ብርኪ ተማሃራይ ወይ ብቑዕ ተማሃራይ (ዕድሚኡ 18ዓመት ዝበጽሐ) መጠን፣ብዛዕባ ናይ ተማሃራይካ (ወይ ናትካ) ናይ ማህደር ሓበሬታ ምልቃቕን ዘይምልቃቕን ካብ ሰለስተ (3) ኣማራጺታት ክትመርጽ መሰል ኣለካ። ( ነቲ ዘሎ ኣማራጺታት ንምርኣይ ናብ ዝቕጽል ገጽ ኪድ።)

### ካብ ወተሃደራዊ ክፍሊ ዝቐርብ ናይ ማህደር ሓበሬታ ሕቶታት

ብመሰረት ሕጊ ፌደራል፣እቲ ወላዲ/ኣላዪ ወይ ብቑዕ ዝኾነ ተማሃራይ ኣማራጺ B ወይ ኣማራጺ C ብምምራጽ ናይ ማህደር ሓበሬታ ንወተሃደራዊ ክፍሊ ንኽወሃብ ፍቓድ እንተዘይከልኪሉ፣ወተሃደራዊ መልመልቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ናይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተምሃሮ፣ኣስማት፡ ቁጽሪ ተሌፎንን ኣድራሻን ናይ ምሕታትን ናይ ምውሳድን መሰል ኣለዎም። እቲ ወተሃደራዊ ክፍሊ ነዚ ሓበሬታ ብተለምዶ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመተ ትምህርቲ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ይሓትት።ሓበሬታ ናብ ወተሃደራዊ ክፍሊ ክለቅቕ እንተዘይደሊኻ፣ኣማራጺ B ወይ ኣማራጺ C መሪጽካ ነዚ ቅጥዒ ክሳብ **1 ጥቅምቲ** ክትመልሶ **ኣለካ**፣እዚ ድማ ምርጫኻ ኣብ ግዚኡ ከምዝተመዝገበ ንምርግጋጽ ይሕግዝ።

ዋላ እኳ ኣማራጺ B ወይ C ምምራጽ ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ሲያትል ንወተሃደራዊ ክፍሊ ናይ ማህደር ሓበሬታ ኣይዝርግሕን እዩ ማለት እንተኾነ፣እቲ ወተሃደራዊ ክፍሊ ካብ ካልኦት፣ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ዝኾኑ ፍልፍላት ናይ ተማሃሮ ሓበሬታ ክእክብ ይኽእል እዩ።ብተወሳኺ ኣማራጺ B ወይ ኣማራጺ C ምምራጽ እቶም ወተሃደራዊ መልመልቲ ኣብ ቀጽሪ ኣብ ዝህልዉሉ እዋን ምስ ተማሃራይካ ካብ ምዝራብ ኣይዓግቶምን እዩ።

በጃኹም ኣብ ዝቕጽል ገጽ ሓደ ኣማራጺ ምረጹ እሞ ነዚ ቅጥዒ ናብቲ ተማሃራይኩም ዝመሃረሉ ቤት ትምህርቲ ክሳብ 1 ጥቅምቲ ምለሱ።

### እቲ ወላዲ/ኣላዪ ወይ ብቑዕ ዝኾነ ተማሃራይ፣ዘም ዝስዕቡ እንተፈጺሙ፣ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ እቲ ምርጫ፣ምርጫ “A” ከምተመርጸ ገይሩ ይቖጽሮ:

1. ነቲ ቅጥዒ ምርካብ፣ግን ካብቶም ሳጹናት ኣብ ሓደ ምልክት ዘይምግባር **ወይ**
2. ነቲ ቅጥዒ ዘይምምላስ **ወይ**
3. ኣብ ርእሲ ካልኦት ኣማራጺታት ኣማራጺ A እንተተመርጹ ።

መተሓሳሰቢ፣ተማሃሮ ኣብቲ ንሓፈሻዊ ህዝቢ ክፉት ዝኾነ ናይ ቤት ትምህርቲ ፍጻመታት ክሳተፉ ከለዉ፣እቲ ዲስትሪክት፣ካብናይ ዲስትሪክት ወፃኢብዝኾኑ ፍልፍላት ዝተቐረጹ ፎቶግራፋት/ስእልታት ወይ ኣስማት ምዝርጋሕ ክቆጻጸር ኣይክእልን።

Revised April 2023

**ሲያትል ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ (SPS) – ናይ FERPA ማህደር ሓበሬታ ንኽይውሃብ መሕተቲ ቅጥዒ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ**

**በጃኹም ነዚ ቅጥዒ ምሉእ ብምሉእ መሊእኩም ክሳብ 1 ጥቅምቲ ናብ ቤት ትምህርቲ ናይቲ ተማሃራይ መልስዎ።**

ካብ ሓደ ንላዕሊ ተማሃራይ እንተሃልዩኩም፣ንነፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ዝተፈላለየ ቅጥዒ ምልኡ።
እቶም ቅጥዕታት ብኣካል ወይ ብU.S. ፖስታ ክምለሱ ይኽእሉ እዮም።

ምሉእ ስም **ተማሃራይ** ________________________________________

ዕለት ልደት ____________________ ቁጽሪ መለለዪ ቤት ትምህርቲ ተማሃራይ ____________________

በጃኹም ብዛዕባ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ተማሃራይ ኣብ **ሓደ ኣማራጺ ጥራይ** ምልክት ግበሩ:

☐ **መማረጺ A**: ብዛዕባ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ተማሃራይ ዝምልከት ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ናይ ማህደር ሓበሬታ ንኽዝርጋሕ(ንኽልቀቕ)ተሰማሚዐ ኣለኹ።

**ካብ ኣማራጺ A ብተወሳኺ ብዙሓት ኣማራጺታት እንተተመሪፆም፣እቲ ካልእ(ኦት) ምርጫ(ታት) ዕሸሽ ይበሃል።ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ሲያትል ነዚ ፍቓድ ኣማራጺ A ከምዝተመረፀ ይሓስብ።**

**ወይ**

☐ **መማረጺ B**: ብዛዕባ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ተማሃራይ ዝምልከት ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ናይ ማህደር ሓበሬታ ንኽዝርጋሕ(ንኽልቀቕ)ተሰማሚዐ ኣለኹ፣**ብዘይካ ብዛዕባ እዚ ተማሃራይ ሓበሬታ ናብ ወተሃደራዊ ክፍሊ ክለቅቕ ኣይክእልን እዩ።**

**ወይ**

☐ **መማረጺ C:** ኣነ ብዘይካ ብሕጊ ዝተፈቕደ ወይ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ብፍቓደይ ዝተገልጸ፣**ብዛዕባ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ተማሃራይ ዝምልከት ናይ ማህደር ሓበሬታ ንኽዝርጋሕ ኣይሰማማዕን እየ።**

---

**እዞም ዝስዕቡ ፍሉያት ክምረጹ ዝኽእሉ ካብቶም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ሰለስተ ኣማራጺታት ኣማራጺ C እንተመሪጽካ ጥራይ እዩ ( ፍቓድ ምኽልካል)።**

ሓደ ወይ ልዕሊኡ ካብቶም ኣብ ታሕቲ ዝተጠቕሱ ፍሉያት ብምምራጽ፣ሓበሬታ ማህደር በቲ ዝተገልጸ መንገዲ ክዝርጋሕ ትሰማማዕ ኣለኻ ማለት እዩ።ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ክፍሊ እንተዘይመሊእካዮ፣ሓበሬታ ውላድካ ኣብ ዝኾነ ካብዞም ዝስዕቡ ኣይክካተትን እዩ።

☐ **School Directory and Classroom Roster( ማህደር ቤት ትምህርትን ዝርዝር ክፍልን )**– እወ፣ናይ ተማሃራይየ ናይ ማህደር ሓበሬታ ንስድራቤታትና፣ንሰራሕተኛታትናን PTSA ን ንኽልቀቕ ፍቓደይ ሂበ ኣለኹ። እዚ ፍቓድ እዚ ንናይ ቤት ትምህርቲ ጋዜጣ (ሕትመትን ዲጂታላዊን ቅዳሓት)፣ናይ ክብሪ ዝርዝር፣ናይ ምረቓ/ምጅማር መደብ፣ናይ ትያትር ፕለይቢል፣ናይ ኣትሌቲክስ ጋንታታት ዝርዝር/መደባት፣ናይ ባንድ/መዘምራን መደብን ካልኦት ኣፍልጦ ዘለዎምን ዝሽፍን እዩ።

☐ **ስእሊ/ቪድዮ** – እወ፣ናይ ተማሃራይየ ስእልታትን ቪድዮታትን ኣብ ናይ ቤት ትምህርትን ዲስትሪክትን ናይ ደገ መርበብ ሓበሬታ፣ማሕበራዊ መራኸቢታትን ናይ ዲስትሪክት ዝተሓትሙ ጽሑፋትን ንኽዝርጋሕ ፍቓደይ ሂበ ኣለኹ።እዚ ፍቓድ እዚ ኣብ ክፍሊ ንዝወጽእ ዜናታትን ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝተመርከሰ ናይ ኢመይል ርክባትን እውን ዝሽፍን እዩ። ኣስማት ኣይክለጠፉን እዮም።

☐ **ዓመታዊ መፅሄት/ናይ ክፍሊ ስእሊ**- እወ፣ስእልን ስምን ተማሃራይየ ኣብ ናይ ዓመታዊ መፅሄትን ናይ ክፍሊ ስእሊን ንኽኣቱ ፍቓደይ ሂበ ኣለኹ።

**ስም ፈራሚ** __________________________________ **ዕለት** ____________________

**ፌርማ ወላዲ/ኣላዪ/ብቑዕ ዝኾነ ተማሃራይ**______________________________________

*እዚ ቅጥዒ'ዚ ብቤት ትምህርቲ ተማሃራይካ ክዕቀብ'ዩ፡ ምርጫታትካ ድማ ኣብ ስርዓተ ሓበሬታ ተማሃሮ ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ሲያትል ክስነድ'ዩ።*

**ሲያትል ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ (SPS) – ብዛዕባ ናይ ህዝቢ መዛግብቲ ሕቶ ናይ ምቕራብ መሰል ምፍላጥ**

**ሕጊ ህዝባዊ መዛግብቲ ስቴት ዋሽንግተን** (**Washington State Public Records Act** (RCW 42.56)) ኩሎም ብናይ ስቴትን ከባብን ትካላት ዝዕቀቡ መዛግብቲ፣ምስ ዝተወሰኑ ገደባት፣ህዝቢ ክረኽቦም ዝጠልብ ሕጊ ስቴት እዩ።

ብመሰረት RCW 28A.320.160፣ዲስትሪክታት ቤት ትምህርቲ ብመሰረት ሕጊ ህዝባዊ መዛግብቲ ዋሽንግተን (RCW 42.56)፣ብዛዕባ ስነ-ስርዓት ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ ዝምልከት ህዝባዊ መዛግብቲ ናይ ምሕታት መሰል ከም ዘለዎም ንወለዲ/ኣለይቲ ከፍልጣ አለወን።ናይ ህዝባዊ መዛግብቲ ሕቶ ናብ ሲያትል ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ንምቕራብ፣ሕቶኹም ብጽሑፍ ናብ: Office of the General Counsel: Attn: Public Records Request; SPS: MS 32-151; PO Box 34165: Seattle, WA 98124 ስደዱ

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ሕጊ ህዝባዊ መዛግብቲ በጃኹም እዚ ዝስዕብ ተመልከቱ
please see https://mrsc.org/Home/Explore-Topics/Legal/Open-Government/Public-Records-Act/Public-Records-Act-Basics.aspx

---

ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ሲያትል፣ዓቕሚ ወይ ቴክኖሎጂ ብዘየገድስ፣ኣብ ኢንተርነት ዝህቦ ሓበሬታ ንኹሉ ሰባት ተበጻሒን ኣብ ጥቕሚ ዝውዕልን ንምግባር ቃል ኣትዩ ኣሎ።መምርሕታትን ደረጃታትን ተበጻሕነት መርበብ ሓበሬታ ምምላእ ብቐጻሊ ንምምሕያሽ ንሰርሓሉ ዘለና ቀጻሊ መስርሕ እዩ።

ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ሲያትል ንተበጻሕነት ዝተመቻቸው ሰነዳት ጥራይ ንምልጣፍ ክጽዕር እንከሎ ብሰንኪ ባህርን ዝተሓላለኸን ገለ ሰነዳት፣ተበጻሒ ዝኾነ ስሪት ናይቲ ሰነድ ከይህሉ ይኽእል እዩ።ኣብ ከምዚ ውሱን ኩነታት፣እቲ ዲስትሪክት ማዕረ ማዕሪኡ ውጽኢታዊ ዝኾነ ኣማራጺ ተበጻሕነት ክህብ እዩ።